# ምኽሪ ንወለዲ

# ቤት-ትምህርቲ



Tigrinisch

Kommunales
Integrationszentrum
Kreis Minden-Lübbecke

Kommunales
Integrationszentrum
Oberhausen

# ዝርዝር ትሕዝቶ


ቅድመቓል ........................................................................................ 3

ግዴታትምህርቲ ..................................................................................... 4

ስርዓተ ትምህርትን ኣደብኣብቤት-ትምህርትን ..................................................... 5

ምሕባር ሕማም/ ይቕሬታ.............................................................................. 6

ኣቕሓቤት-ትምህርቲ ................................................................................. 8

ቁርሲ ጥዕና .......................................................................................... 9

ኣሜጺታት ተሳትፎወለዲኣብቤት-ትምህርቲ ........................................... 10

ደገፍ ኣብገዛ ...................................................................................... 12

ሓገዛትን ኣማኸርትን .............................................................................. 14

ርክብ/ ሕጋዊ ሓበሬታ............................................................................. 15

## ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ኣብ ምዕባለ ቆልዓ ኣምተሳቲፎም ዘለው ሰባት ብዙሓት ኣለው ኣብ ቤት-ትምህርቲ።

እዚኣም ዝስዕቡ እዮም፦

- ናይ ክላስ መምህር፣ መምህር ፍሉይ መዲይ
- መሪሕ/ት ቤት-ትምህርቲ፣ ሰክረታሪ
- ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ኣላዪ/ት፣
- ኣላዪ/ት ገዛ፣ ኣመሓዳሪ/ት ቀጽሪ ገዛ፣
- ሰራሕተኛታት ጽሬት ከምኡ'ውን ብዙሓት ካልኦት።

ኩሎም እዚኣም ሰባት ኣካል ጉጅለ ቤት-ትምህርቲ እዮም።

ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምእንቲ ክለምድ ከምኡ'ውን ብዕዉት ምእንቲ ክመሃር ንክኽእል ብዘውሳኺ ሓገዝኩም ተገዳስነትኩም የድልዮ እዩ።

ብዝዕባ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክኽተሉ ዘለዎም ሓፈሻውያን ነገራት ከምኡ'ውን ቆልዓኹም ከመይ ጌርኩም ከምትሕግዝዎ፣ ኣብዚ ሓደ ክልተ ሓበሬታታት ክትረኽቡ።

**ቆልዓኹም ጥራይ ብዛንሳብ ምስኹም ሓያል ክኸውን ይኽእል!**



# ግዴታ ትምህርቲ

ኣብዞባ Nordrhein-Westfalen ግዴታትምህርቲኣሎ። ክሳብዕለት 30 መስከረምሽዱሽተ ዓመቶ ዝዕደመቖልዑኣብትምህርቲክሳተፉኣለምምማለት እዩ።

እቲ ሓደሽ ዓመት ትምህርቲ ኩሉግዜ ኣብሃጋይ ኩሉዓመት ይጀምር። እቶምቖልዑትን መንእሰያትን ብወሕዱ ንዓሰርተ ዓመት ኣብቤት-ትምህርቲእየምዝሳተፉ።

ቅድምካብ1ይ ክሳብ4ይ ክፍሊኣብመሰረታዊ ቤት-ትምህርቲእየምዝሽዱ።
ብድሕሪኡክፍልታት 5 ክሳብ10 ኣብሓደ ቀጻሊቤት-ትምህርቲክመሃሩ።

እቲ ግዴታትምህርቲኣብመወዳእታዓመት ትምህርቲይውድእ፣ ቖልዓኸም
መብል 18 ዕድመምስመልአ። ክሳብሽዑወይ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ደማ ኣወሳበልዱንግ ክጅምር ኣለዎ።

ቖልዓኸምኣብኩሉምፍጻሜታት ቤት-ትምህርቲ ወን ክሳተፍ ኣለዎ።

ብዝልፊ

- ትምህርቲ ስፖርትን ምሕምባስን፣
- ትምህርቲ ሃይማኖት / ኤቲክ*፣
- መገሻታት ክላስ
  ከምኡ'ውን
- ጉዕዞታት ክላስ።



* ኣብትምህርቲ ሃይማኖት / ኤቲክ ብዘዕባ ኣየኖት ሃይማኖታት ከምዘለዉ ኣየኖት ልምዲታት ኣብሕብረተሰብና ከምዘለዉ ይዝተ እዩ። ሽዑ ብክርስትያናዊ ሃይማኖት ዝሽይድኣተዓባብዩ ደማዕላማኢይኮነ ን።

# ስርዓተ ትምህርትን ኣደብን

# ኣብ ቤት¯ትምህርቲ

መቕረት ናይ ሓባር ምንባር ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ምምሃር ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕጊ ቤት-ትምህርቲ ዞባ NRW እዩ። ካብኡ ንየውኣብ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ግድነ ታዊ ስርዓተ ትምህርቲ ኣሎ፡ ኣብኡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ እንታይ ፍቑድ እንታይ ክልኩል ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ሓድሕዳዊ ምኽባር እዩ ተጻሒፉ።

ብዙሓት ሰባት ዝሰዕብ ይብሃሉ፥

- ብኣኽብሮትን ሕያውነትን ትሕትናን
  ኢና ንረኻኸብ።
- ኣዋልድን ኣወዳትን፣ ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ መሰል ኣለዎም!
- ኩሉ ሰብ ከምቲ ዘለዎ/ዘላ ክኸበር ኣለዎ!
- ኣካላታውን ዘረባውን ጎንጺ ክልኩል እዩ። ሽግራትን ግጭታትን ብዘረባ ብህድኣት ክፍትሑ ይኽእሉ።




ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ኣብ ምዝገባ ወይ ኣብ ሰክረታሪ ቤት ጽሕፈት ክትወስድዎ ኢኹም።

# ምሕባር ሕማም / ይቕሬታ

ቆልዓኹም ግዜ እናኣኸበረ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸይድ ከምኡ'ውን
ብምሉኡ ኣብ ትምህርቲ/ታ ክሳተፍ ኣገዳሲ እዩ።

ቆልዓኹም እንተ ሓሚሙ ኣብ ሸዑ መዓልቲ ቅድመ ፋዱስ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ደዊልኩም ቆልዓኹም ከምዝሓመመ ትሕብሩ። ምስ ሓወየ ድማ ጽሑፋዊ ይቕሬታ/ምኽንያት ንኽቕርብ ሃብዎ ኢኹም።

ቆልዓኹም ዝያዳ 3 መዓልታት እንተሓሚሙ ይቕሬታ ብጽሑፍ ክትገልጹ ኣለኩም ከምኡ'ውን ምስክር ሓኪም ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ክተቕርቡ ኣለኩም።

ቆልዓኹም ኣብ ሕሞም ከመይ ጌርኩም ምኽንያቱ ከምትገልጹ ኣብ ዝሞጽኡ ዘሎ ግጽ ክትፈልጡ ኢኹም።

ኣብ ፍሉያት ፍጻሜታት፡ ከም ሃይማኖታውያን በዓላት ወይ ባህላውያን ፈስታታት፡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚኡ ጠለብ ብኸሪት ክግበር ይኽኣል እዩ።





## ዝርርብተለፎን ኣብቤት ትምህርቲ

ሰላም! ስመይ__________እዩ።
ኣነ ናይ_______(ስም ኣቦ/ ኣደ እዩ።
ንሱ/ ንሳ ኣብክፍሊ ክላስ ናይኣቶ/ ወይዘሮ_______ (ስምመምህር) እዩ ዝሳተፍ/ እያ ትሳተፍ።
ቆልዓይ ሓሚሙእዩ።
ምናልባት ንሱ/ ንሳ ጽባሕኣብ_____ (ዕለት) ኣብቤት ትምህርቲ ክምለስ እዩ።
ኣዚና ነመስግነኩም። ብሰላም የራኽበና።

*Hallo! Mein Name ist __________.*
*Ich bin der Vater/die Mutter von _______(Name).*
*Er/Sie geht in die Klasse von Herrn/Frau _______ (Name der Lehrkraft).*
*Mein Kind ist krank.*
*Wahrscheinlich kommt er/sie morgen/am _____ (Datum) wieder in die Schule.*
*Vielen Dank. Auf Wiedersehen.*

## ጽሑፍ ይቕሬታ ነ ቲ ቤት ትምህርቲ



ወደይ/ ጓለይ_________________ (ስም
ኣብ________ (ዕለት) ቤት ትምህርቲ ክ(ት)ሳተፍ ኣይክኣለን ነሩ፣
ሓሚሙ/ማ ስለዝነበረ/ ነበረት።

ናይዚ ድማ ይቕሬ በሉ ብኽብረትኩም።

ክታም



*Mein Sohn/Meine Tochter _________________ (Name)*
*konnte am ________ (Datum) nicht zur Schule kommen,*
*weil er/sie krank war.*

*Ich bitte Sie dies zu entschuldigen.*

*Unterschrift*

# ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ



ቆልዓኹም ምስእን ብስርዓት ዝተካየደ ኣብ ከከምዕደም ዝበቕዕ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ዝኣትዉ ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ ኩሉ መዓልቲ የድልዮ እዩ፣

ዝስዕብ ነገራት ንኣብነት፦

- **ንእሽቶይ ሳጹን መጽሓፊ**
  ምስ ርሳሳት፣ መጥፊ ሓርሳስ፣ መጸምቕሲ፣
  ሕብራውያን ብርዒታት፣ መጽሓፊ ክንቲት፣ መጣበቒ ቀለም፣
  መቕቀሉ መቕመጢ።

- **ነቶም ኣብ ሽዑ መዓልቲ ዝምሃሩ ሰብጀክታት ዝኸውን ጥርዛትን መጻሕፍትን።**
  ኣብቲ ናይ ግዜ መደብ፣
  ኣየናይ ሳብጀክት ኣብ ምዓታይ መዓልቲ
  ከምዝፍጸም ክትፈልጡ ኢኹም።
  ንዕዮ ገዛ ድማ ኣስተውዕሉ ኢኹም!

- **ቍርስን ሓደ መቕተን።**

ብዘይካ'ዚ እንታይ ከምዘድልዮ ካብ መምህሩ/ራ ክፈልጥ እዩ።



# ቁርሲ ጥዕና

ጥዑይ ቁርሲ ኣብ ገዛ ከምኡ'ውን ኣብ ማዓጎ ዕረፍቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ፣ ቆልዓኹም ጽቡቕ ክመሃር ምእንቲ ክኽእል።

እዚ ቁርሲ'ዚ ውሑድ ሽኮርን ስብሕን ክሕዝ ኣለዎ።
ከምኡ ክመቕል ምኽኣሉ፡-



መቐተታት ኣገደስቲ እዮም! ብዝበለጸ እዚ ንቆልዓኹም ሃቡ፡-
ማይ፣ ጽማቕ ምስ ጋዝ (ሾርለ) ወይ ሻሂ።

ብኽብሪት ከም ለሞ ይድ ከም ኮካ ወይ ኣይስ-ቲ ኣይትሃቡ።

# ናይ ደገፍ ኣማራጺታት

## ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ

ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም! ስለዚ እቲ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ ምትሕብባርኩም ተሳትፎኹም ተሓጒሱ'ዩ! ብኸምኡ ንቖልዑኹም ኣብ ትምህርታዊ ምዕባለኦም ትሕግዝዎ ኢኹም።

ሓደክልተ ክፋላት እንሀለዉ፦

- ሓገዝን ቀጻጽርን ዕዮ ገዛ
- ጥራዝ ዕዮ ገዛ ዕማማት እዩ ዝሕዝ፡ ቆልዑኹም ነዚኦም ዕማማት ኣብ ገዛ ክስልጥም ኣለዎም፡ ከምኡ'ውን ሓበሬታን ደብዳበታት ወለዲ እዩ ዝሕዝ። ንምልዋጥ ኣብ መንጎ ንስኹም መምሃራንን ክዝውተር ይኽእል እዩ። ኩሉ መዓልቲ ነቲ ጥራዝ ረኣዩዎ ኢኹም ብኽብረትኩም!
- ግላዊ ወይ ተለፎናዊ ምልውዋጥ ምስቶም መምሃራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ወጽኢታትን ኣደብ ቆልዑኹም ከምኡ'ውን ፍሉይ ነገራት ኣብ ስድራ ኣገደስቲ እዮም። እንተላይ ንመምሃራን ወይ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ማቓን ክትርከቡ፣ ዝኾነ ቅያር ኣድራሻ ወይ ተሌፎን ብቕልጡፍ ንቤትጽሕፈት ስክረታሪ ቤት-ትምህርቲ ሓብሩ ብኽብረትኩም።
- ተሳትፎ ኣብ ፍጻመታት ቤት-ትምህርቲ ከም
  - ፈስታታት ቤት-ትምህርቲ፣
  - ኣኼባታት ወለዲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም! ኣብዚ ሓበሬታ መምሃራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ምዕባለ ቆልዑኹም ክትወሃቡ ኢኹም!
  - ኣብ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ወለድን መምሃራን ክላስን ይራኸቡ እዮም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣርእስታትን ፍጻመታትን ይዘተዩ፣ ከም ፈስታታት ወይ ማሻታት ነቲ ክላስ።

- ሓገዝኩም ኣበይ ከምዝደሊ ነቲ/ነታ ተማሃሪ ክላስ ክትሓቱ ኣይትፍርሑ።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ደሞክራስያዊ ትካል ስለዝኾነ ንስኹም ወለዲ ዋላ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ርእይቶ ክትህቡን ክትሞጉቱን ይፍቐደልኩምእዩ። ነዚ ዝስዕቡ ኮሚቴታት/ሽማግለታት ኣለዉ-

- ምኽንኻን ክላስ
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ክላስ ክገዝዩ)
- ምኽንኻን ቤት-ትምህርቲ
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክገዝዩ)
- ዋዕላ ቤት-ትምህርቲ
  (ኣብዚ ሰፊሕን ኣገደስትን ወኻነታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክግበሩ እዮም)



# ደገፍ ኣብ ገዛ

ንቆልዓኹም ኣብ ገዛ ከመይ ጌርኩም ትሕግዝዎ ሓደ ክልተ ድርኺታት ክንህበኩም ንደሊ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሓያል ምእንቲ ክኸውን ክተርፍን።

**ተገዳስነት ኣብ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ:-**
ንቆልዓኹም ግዜ ወሲዱ ኢኹም ከምኡ'ውን ምሳኹም ክዛረብ ከሎ ረኣዩዎ ኢኹም።

ክምጽኡ ዝኽእሉ ሕቶታት:-

**መዓልቲ ከመይ ኔሩ፧**
**ዕዮ ገዛ ኣለካ ዶ፧ ከመይ ዝኣመሰለ?**
**ካብቲ ማምህር ሓበሬታ ተዋሂቡ ዶ፧**

ከለምናወትታት ነቲ ዝመጽእ ዘሎ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ ብምልእን ስሩዕን ከምተጠርነፉ ኣብቲ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ረኣዩ ኢኹም።

ንቆልዓኹም ኣብ መብእታዊ/መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ማገዲ ቤት-ትምህርቲ ኣሰንዩ ኢኹም።



## ዕዮታት ገዛ:-

ምዱብ ኣከያይዳ መዓልቲ ግበሩ ምስ

- ግፁጥ ግዜታት፣
- ህዱእን ስሩዕን ከባቢ (ቲቪ፣ ሞባይል ኣጥፍኡ)፣
- መዓልታዊ ኣብ ጥርዓዝ ዕዮ ገዛ እንታይ ክግበር ከምዝለዎ ረኣዩ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ መልእኽታት ኣብኡ ከምዝጸሓፉ፣
- ንቆልዓኹም ኣብ ሽግራት ሓግዝዎ ኢኹም፣
- ምናልባት ተወሳኺ ብሕታዊ ሓገዝ ትጠልቡ (ገንዘባዊ ሓገዝ ብፍወቲ BUT፣ ገጽ 14 ረአ)፣
- ተወሳኺ ሓገዛት ዋላ ኣብ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ክትወሃቡ ኢኹም ኣብ ጉዳያት ቤት-ትምህርትን ስድራን (ገጽ 14 ረአ)።

## ንጥፈታት ግዜ ዕረፍቲ:-

ምስ ቆልዓኹም ብዝሕ ተዛረቡን ተጻወቱን ኢኹም ከምኡ'ውን ሓብር፣ ንዕድመ ዝበቕዕ ንጥፈታት ግበሩ፣ ንኣ. ምጽሓፍ ንድቃስ ኣንብቡሉ/ላ፣ ምብጻሕ ቤት-መጻሕፍቲ፣ መጻወቲ ሜዳ፣ ...

ኣተሓሕዝ ምስ ካልኦት ቆልዑ ንቆልዓኹም ጸብቒ እዩ። ንኣ. ኣብ ማሕበር ስፖርት፣ ቤት-ትምህርቲ መዚቃ፣ ቤት-ትምህርቲ ጥበብ ምስኣል ወይ ኣብ ዘኣመሰለ ክተማዓዋዕዎ ትኽእሉ (BUT)።

ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ጸወታታት ኮምፒዩተርን ፊልምታትን ኣስተውዕሉ!

ቆልዓኹም ብዝሕ ድቃስ የድልዮ (ዝያዳ 8 ሰዓት)፣ ንኽሆ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንጡፍ ማዓን ክኾውን።

# ሓገዛትን ኣማኽርትን

## BUT = ጥቕላል ትምህርትን ተሳትፎን (BUT)

እዚ ካብ ፌደራላዊ መንግስቲ ዝመጽእ ገንዘብ እዩ ን ካብ ውሑድ ደሞዝ ዘለዎም ስድራታት ዝመጹ ቆልዑትን መንእሰያትን።

ብኢኡ ተሳትፎ ኣብ ጉዕዞታት ክላስ፣ ሓብር ምሳሕ ኣብ ኪታ(መእለዪ ቆልዑ) ወይ ቤት-ትምህርቲ፣ ተወሳኺ ብሕታዊ ትምህርቲ ወይ ምስታፍ ኣብ ስፖርትን ጸወታን መዚቃን ኣብ ማሕበር ወይ ካልእ ዝበቕዕ ወጻኢብ ይከኣል እዩ።
እቶም ተቐበልቲ ገንዘብ ሸቕለት-ኣልቦ (Arbeitslosengeld II)፣ ማሕበራዊ ገንዘብ፣ ማሕበራዊ ሓገዝ/ ድሕንነት፣ ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ወይ መንበሪ ገንዘብ፣ ካብ BUT ዝመጹ ናውትታት ኣብ ጆብሰንተር ወይ ቤት ጽሕፈት ሶሽያል ክጠልቡ ይኽእሉ። ቤት-ትምህርትኹም (መምህር ክላስ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ቤት-ትምህርቲ፣ በዓል ስክረታሪ) ቀጺሉ ምኽሕጋዝኹም ይፈትዉ።

## Schulpsychologische Beratungsstelle

Herr Alexander
Gewerkschaftsstr. 76-78
46045 Oberhausen
Tel. 0208/46839205

## Kommunales Integrationszentrum

Mülheimer Str. 200
46045 Oberhausen

| | | |
|---|---|---|
| Frau Pakalski | (Klasse 1-4) | Tel. 0208/305760 – 17 |
| Frau Horvat | (Klasse 1-4) | Tel. 0208/305760 – 15/-17 |
| Frau Akbas | (Klasse 5-10) | Tel. 0208/305760 – 15 |
| Herr Ülsberg | (Klasse 5-10) | Tel. 0208/305760 – 13 |
| Frau Salewsky | (Berufskolleg) | Tel. 0208/305760 – 20 |

Stadt Oberhausen
Kommunales Integrationszentrum
Mülheimer Str. 200
46045 Oberhausen
Tel.: 0208-305760-10

Kommunales Integrationszentrum Oberhausen

---



**Impressum**

**Herausgeber:**
Kreis Minden-Lübbecke
Portastr. 13, 32423 Minden
Tel.: 0571/807-0
www.minden-luebbecke.de

**Stand der Informationen:** Juli 2018
**Quellenverzeichnis:**
Grafiken und Bilder: Fotolia (www.fotolia.de)
**Gefördert durch:**

KOMM-AN NRW

Ministerium für Kinder, Familie, Flüchtlinge und Integration des Landes Nordrhein-Westfalen

Kommunales
Integrationszentrum
Kreis Minden-Lübbecke

Kommunales
Integrationszentrum
Oberhausen